Bessemerskolans ordningsregler lå 1819, översatt till Tigrinja

*2018-08-01 ዳግም ተራእዩ* ሓለቓ ኣቫ ኣሮንሶን

## ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ኣብ ቤት ትምህርቲ በሰመር ወቕቲ ትምህርቲ 2018/2019

**ናብ ቤት ትምህርቲ በሰመር ብደሓን ምጻእ!**
ካብ ሕጂ ሓደ ኣካል ናይ ቤት ትምህርቲ በሰመርን ናይ ስራሕ ሃዋህዉን ኢኻ።
ኣብ ቤት ትምህርቲ በሰመር ኩሎም ምርሑባት፡ ቆላሕታ ዝግበረሎምን፡ ተኣማንነት ዝሓድሮምን ኮይኑ ክስምዖም ኢና ንደልይ። እዚ ኹሉ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ቤት ትምህርትና ዝመሃር ወይ ዝሰርሕ፡ ክም'ቲ ዓቕሙ ዘፍቅደሉ፡ ካብ ናይ ሓባር መሰረታዊ ሪምና ተበጊስና ውሕስነትን ናይ ትምህርቲ ቅሳነትን ዝዓሰሎ ሓደ ጽቡቕ ናይ ስራሕ ሃዋህው ነበርክት።

ምእንቲ ነዚ ክንበጽሖ ኸንክእል ቤት ትምህርቲ በሰመር ነፍሲ ወከፍ ዝካፈሎን ዝካተተሎን ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ኣለዎ።

**ናይ መተሓላለፊ ወረቐት**
ኩሎም ናይ ቤት ትምህርቲ በሰመር ተመሃሮ ሓደ ናይ መተሓላልፊ ወረቐት ይህልዎም እቲ ናይ መተሓላለፊ ወረቐት ናይ'ዚ ቤት ትምህርቲ ተመሃራይ ክምዝኾንካ ዘርእን ኣብ'ዚ ቤት ትምህርቲ ክትህልው መሰል ክምዘለካን ዘርኢይ ሓደ ናይ መንነት ወረቐት እዩ። እቲ ናይ  መተሓላለፊ ወረቐት ንቤት ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ክትማለአ ኣለካ ክምኡ'ውን ክምዝረኣይ ገይርካ ክትሕዞ ወይ ንኽተርእዮ ኣብ ዝጥለበሉ ግዜ ምእንቲ ክተርእዮ ክትክእል ኣብ ቀረባ ክህሉ ትጽቢት ይግበረልካ እዩ።

**ናይ ተመሃራይ ሓላፍነት**
እቲ ናይ ትምህርቲ መደብና ብዛዕቢ ናይ'ቲ ተመሃራይ ሓላፍነትን ጽልዋን እዩ ዝሕብር። (SKOLFS 2011:144)
**ከም ተመሃራይ ትጽቢት ካባኻ፡**

- ናብ ናይ ደመክራስያዊ ዓይነት ናይ ምስራሕ ዓቕምኻ ቀጺልካ ምምዕባል።
- ናብ ምህሮታትን ካልእ ናይ ትምህርቲ ንጥፈት ኣብ ግዚኡ ምምጻእ።
- ኣብ ከባቢ ዓይነትን ትሕዝቶን ናይ ምህሮታትካ ብንጡፍ ምስታፍ።
- ኣብ ናይ ምዕባሌን ዝርርብን ናይ ክፍሊ ሽማግለን ምስታፍ።
- ሓደ ጽዩፍ ትሕዝቶ ዘይብሉ ስነ ስርዓት ዝሓዘ ቋንቋ ምዝውታር።
- ብዛዕባ ማዕርነት ሓበሬታ ቅሰምን ምክትታልን።
- ኩሉ ዓይነት ናይ ሰኖፎብያን/ወይ ዓሌታዊ ገለጸ ክልኩላት እዮም።
- ምእንቲ ካብ መስርዕ ክትድሕን እቲ ናይ ምግቢ ሰዓታት ምክትታል።
- እቲ ናይ ዳግመ መስርሐ ሳጹን ተጠቀምን ብዝተረፈ ብዘይ ምትሕንጣጥን ካልእ ምብልሻውን ጽቡቕ ናይ ስራሕ ሃዋህው ምብርካት።

Bessemerskolans ordningsregler lå 1819, översatt till Tigrinja

**ምልጣፍ**

ኩሉ ምልጣፍ ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ መሪሕነት ፍቓድ እዩ ዝግበርን ኣብ'ቲ ዘሎ ናይ ምልክታ ሰሌዳ እዩ ዝጥቃዕ። ብመንገዲ ናይ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ክትገብሮ ዝሓሸ እዩ።

**ናይ ሓሸሽ መርሓ**[1]

ኣብ ናይ ሳንድቪከ ኮሙን ቤት ትምህርትታት ኣንጻር ሓሸሽ ባዶ ተዓጋስነት ምሕጽንታ እዩ ዘሎ። እቲ ዕላማ ኩለን ናይ ሳንድቪከን ቤት ትምህርታት ካብ ሓሸሽ ናጻ ክኾና ከምዘለወን እዩ።

**ትምባኾ/ሽጋራ**

ኩሉ ናይ ትምባኾ/ሽጋራ ምጥቃም ኣብ ኣዳራሻትናን ኣብ ውሽጢ ናይ ቤት ትምህርቲ ቦታን ክልኩል እዩ።
<u>ኣስተውዕል! ስለ'ዚ ኣብ ጥቓ መእተዊታት ናይ ቤት ትምህርቲ ሽጋራ ምትካኽ ክልኩል እዩ።</u>

**ኣልኮላዊ መስተ**

ተመሃሮ ትሕዝቶ ናይ ኣልኮል ዘለዎ መስተ ክኽዝኑ/ክሰትዩ ወይ ጽልዋ ናይ ኣልኮል ከለዎም ኣብ'ቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ወይ በቲ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ መምርሒ (ንኣብነት ናይ ትምህርቲ መገሻታት) ክረኣዩ የብሎምን።

**ናርኮቲካ**

ኩሉ ናይ ናርኮቲካ ንጥፈት ክልኩል እዩ። ናይ ናርኮቲካ፡ ናይ ዕጸፋርስን ዘይመድሃኒታዊ ምዝውታር መድሃኒትን ወልፊ ስለዝኾነ ምጥቃም ክልኩል እዩ።
እቲ ቤት ትምህርቲ ብናይ ፖሊስ ክልቢ ገይሮም ብፖሊስ ክፍተሽ ይካኣል እዩ።

*መግለጺ ትርጋጽ*

1. *እዚ ቤት ትምህርቲ ኣብ እዋን ናይ ሓሸሰ ምዝውታር ምልክት ኣብ ግብሪ ዝውዕል ናይ ስጉምቲ መደብ ኣለዎ።*
2. *መግለጺ፡ ሓሸሻት ኣልኮላዊ መስተ፡ ትምባኸ/ሽጋራ፡ ናርኮቲካ፡ ዘይመድሃኒታዊ ምዝውታር መድሃኒትን፡ ከም ብኣፍንጫ ተሳኺቡ ዝዝውተር ከምኡ'ውን ናይ ዕጸፋርስ ዓይነት እዩ ዘጠቓልል።*

**ናይ ተመሃራይ ከብሒ**

**ንስኻ ከም ተመሃራይ በዚ ዝስዕብ ተርድኦ ክህልወካ ኣገዳሲ እዩ፡**

ናይ ተመሃራይ ከብሒ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ንብረት እዩ ከምኡ'ውን ምእንቲ ናይ ትምህርትኻ መዓልቲ ንኽትፍጽም ዘድልየካ ንኽትክዝነሉ እዩ። እንድሕር ሓደ ሰብ ምስ ናይ'ዚ ቤት ትምህርቲ ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ዝጻረር ኣብ'ቲ ከብሒ ገለ ነገር ከምዝኸዘነ ጥርጠራ ተራእዩ (ንኣብነት ኣልኮላዊ መስተ፡ ሓሸሻት፡ ብረት፡ ዝተሰርቀ ንብረት) ምእንቲ ነቲ ነገር ክቖጻጸሮ እዚ ቤት ትምህርቲ ነቲ ከብሒ ናይ ምኽፋት መሰሉ የዕቅብ። እንድሕር እቲ ጥርጣረ ተረጋጊጹ ናብ ፖሊስ ምምልካት ክግበር እዩ።

**ብኩራት/ኣብ ቤት ትምህርቲ ምህላው፡ ከምኡ'ውን ምስ ናይ ትሕቲ ዕድመ ተመሃራይ ወለዲ ርክብ ምግባር**

ኩሉ ቡኩራት ንቤት ትምህርቲ ክሕበር ኣለዎ። ናይ ትሕቲ ዕድመ ተመሃራይ ናይ'ቲ ንኽዕብዮ ሓላፍነት ዘልዎ፣ ሓላፍነት እዩ። ኣብ'ቲ ናይ መጀመርያ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ብኩራት ናይ ትሕቲ ዕድመ ርክብ ምስ'ቲ ስድራ ይግበር። መዓዲ ናይ'ቲ ርክብ ኣብ መንጎ ቤት ትምህርትን ገዛን/ስድራን ሓላፍነት ኣለዎ።

Bessemerskolans ordningsregler lå 1819, översatt till Tigrinja

**ናይ መመህር ግደ**

እቲ መምህር ኣብ ናይ ምህሮ ኩነታት መራሒ ስለ ዝኾነ ኣብ'ቲ ናይ ስነ-ምምህርናዊ ኣገባብ ኣሰራርሓን ቅጥዕታትን ከምኡ'ውን ናይ ብዛዕባ ናይ ኣብ'ቲ ክፍልታት ናይ ስራሕ ሃዋህው ስምምዓት ናይ ምምራጽ ወሳኒ ኣዩ። እቲ መምህር ኣብ'ዚ ሕቶታት እዚኣቶ ምስ ተመሃሮ ሓደ ጽቡቕ ልዝብን ክትዕን ክህልዎ ኩነት ይግበረሉ እዩ።

**ምሕዳግ ናይ ኣቅሓ**

ሓለቓ ቤት ትምህርትን መምህርን ሓደ ንምህርቶ ብዝርብሽ ኣገባብ ዝዝውተር ወይ ናይ ውሕስነት ሓደጋ ክገብር ዝኽእል ኣቕሓ ካብ ሓደ ተመሃራይ ከሕድግዎ ይኽእሉ እዮም።

**ናይ መልሲ ፎርም - ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት**

እቲ ብዛዕባ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ሓበሬታ ኣብ እዋን ምጅማር ትምህርታት ኣብ ቤት ትምህርቲ በሰመር ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎን ንተመሃራይን ክወሃብ እዩ። እቲ ናይ መልሲ ፎርም ሽዑ ንሽዑ ተመሊኡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክግደፍ ኣለዎ። (ገጽ 4)

**ናይ ኣመሓድራ ሰነድ**

መመላእታ 1፡ እንድሕር እቲ ተመሃራይ ነቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ጥሒሱ እንታይ ይጓነፍ

መመላእታ 2፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገባብ ኣብ ግዜ መርመራን ምስትላማትን።

*ኣብ'ቲ ናይ ቤት ትምህርቲ መርበብ ብዙሃን ክርከብ ዝከኣል ኣሎ።*

**ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ገምጋምን ዳግመ ገምጋማን።**

እቲ ሓለቓ ቤት ትምህርቲ ኣብ ክሊ ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ርእይቶታት ናይ ምእካብን ብቑዕ ዝኾነ ምዝማን ንኽህልው ሓላፍነት ኣለዎ። ሓደ ዳግመ ገምጋምን ኣብ እዋን ምውዳእና ናይ ጸድያ ናይ ወቕቲ ትምህህቲ ይግበር።

## ''ሓቢርና ነንሕድሕድና ነመሃይሽ''

Bessemerskolans ordningsregler lå 1819, översatt till Tigrinja

Bessemerskolans ordningsregler lå 1819, översatt till Tigrinja

**ናይ መልሲ ፎርም ካብ ተመሃራይ**

**ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ኣብ ቤት ትምህርቲ በሰመር**

እቲ ብዛዕባ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ሓበሬታ ኣብ እዋን ምጅማር ትምህርትታት ኣብ ቤት ትምህርቲ በሰመር ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎን ተመሃራይን ክወሃብ ኣለዎ።

**ኣነ ሕጂ ኣብ ቤት ትምህርቲ መሰመር ዝመሃር ዘለኹ፣ ተኻፊለዮ እዩ፣ ተረዲኡኒን ነዞም ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ንኽከታተሎምን ቃል ይኣቱ።**

.........................................................
**ቦታን ዕለትን**

.........................................................
**ናይ ክፍሊ ሽም**

.........................................................
**ናይ ግሊ ቁጽሪ**

.........................................................
**ኪታም**

.........................................................
**ሽም ብኑጹር**

**ከም ናይ ኣብ ቤት ትምህርቲ በሰመር ተምሃራይ ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለኒ ናይ’ዞም ናይ ስነ ስርዓት ሕግታት ተኻፊለዮም እየ።**

.........................................................
**ቦታን ዕለትን**

.........................................................
**ኪታም**

.........................................................
**ሽም ብኑጹር**

*እቲ ናይ መልሲ ፎርም ድሕሪ እቲ ምጅማር ትምህርቲ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ፣ በቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ጾስጣ ሳጹን ኣብ’ቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ይግደፍ።*

ናዉሓሕ፣ ናይ ውልቃዊ ሓበሬታ ብኽፍሊ ካልኣይ ደረጃ እዩ ዝእለ፣ እቲ ናይ ውልቃዊ ሓበሬታ ሓላፍነት ዘለዎ፣ ናይ ሳንድቪከን ኮሙን ናይ ፍልጠት ቦርድ እዩ። ናይ ውልቃዊ ሓበሬታትካ ብኸመይ ከምዝእለ ዝያዳ ሕእበሬታ ኣብ፣ www.sandviken.se/gdpr